# ምስክርነት ዕረፍቲ ሓዋርያ ማቴዎስ

www.debresahl.com

1. ቅዱስ ሓዋርያ ማቴዎስ ካብ ሃገረ ስብከቱ ብሔረ ካህናት ማስ ተመልሰ ናብ ኢየሩሳሌም ተመልሊሱ ብቋንቋ ዒብራይስጥ ወንጌል ጽሒፉ፣ ንኣፓይነጌ እትብሃል ሃገር ከይዱ በቲ ዝጸሓፎ ወንጌል ጌሩ ሚሂሩ አእመኖም። ካብኣ ቀጺሉ በርቲያ ናብ እትብሃል ሃገር ከይዱ ድማ ናይ ክርስቶስ ልደቱን ጥምቀቱን ትንሣኤኡን ዕርገቱን ካልአይ ምፅአቱን ነገሮም (አስተምሃሮም)።

2. ከምኡ እዉን ናብ ቤት ማእሠርቲ ዚርከቡ እሡራት ክይኣመኑ ከይተርፉ ኢሉ ተጣቢቡ እናአተወ ምሂሩ አእመኖም። 1፣ቀረ፣9፣26 ተርጓሜ ተመ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ድማ ናብ ቤት ማእሠርቲ አትዩ እሡራት እናአጸናነዔ ህሙማት እናፈወሰ ከሎ ብዕዳ(ገንዘብ) ተአሢሩ ናብ ሞት ፍርዱ ዝጽበ ዝነበረ ሰብ ረኺቡ ምኽንያት ምእሠሪኡ ሓተቶ። ንሱ ድማ አቆስጦስ ዝበሃል ሃብታም ክነግደሉ ኢሉ አልቀሑኒ ዝነበረ ገንዘብ ብባሕሪ ክንከይድ ከሎና ማዕበል ተላዒሉ አብ ባሕሪ ስለዝጠሓልና፣ ዝህቦ ስለዝሰአንኩ ከሲሱ አእሲሩኒ ናይ ሞት ፍርደይ እጽበ አለኹ በሎ። ማቴ.18፣28 31 ቅዱስ ሓዋርያ ድማ በለስኪ ካብዚ ገጢሙካ ዘሎ ጸገም ነጻ ኢንተ አዉጻእኩኻ ናብ እምነተይ ዶ ምአተኻ በሎ። ንሱ ድማ እንታይ ደአ ከመኽኒ እወ እአምን ኢሉ አረጋገጸሉ።(በዚ ነገር ኤእዚ ሓዋርያት ንእምነት ብሕይወት ይሻየጥዋ ከም ዝነበሩ እዩ ዘረዳአና በሎ። ሓዋርያ ማቴዋስ ድማ እምበአርከስ ንኽት መዉት ኢሎም ካብ ቤት ማኢሠርቲ አዉጺኦም ምስቲ በዓል ገንዘብ ከራኽቡኻ እዮም እሞ ንሓንቲ መዓልቲ ቈጸራ ኪህቡኻ ለምኖም ንሱ ድማ ሕራይ ኪብለካ እዩ ኢሉ መኸሮ።

3. እቲ እሡር ከአ ከምታ ዝመኸሮ ጌሩ ቈጸራ ለሚኑ ተፈቒድሉ ብዋሕስ ወጸ። ትኽ ኢሉ ድማ ማቴዎስ ናብ ዘለዎ ከደ። ሓዋርያ ማቴዎስ ከአ በል የማን ጸጋም ከይበልካ ናብታ እተን ገንዘብ ዝጠሓላኦ ቦታ(ባሕሪ) ኪድ እሞ እተን ገንዘብካ ብምሉኡተን ክትረኽበን ኢኻ ኢሉ መሪቑ አፋነዎ። ከም ቃል ሓዋርያ ድማ ነተን ገንዘብ ረከበን። ምስኡ ከየቆነየን ድማ ቀልጢፋ ንዋንአን እንካ እተን ገንዘብካ በሎ ካበይ ደአ ረኺብካየን ገለ መንደቕ አፍሪስካዶ ካብ ገሊኦም ሠርቕካ አምጺእካዮ? ኬይንካ እምበር ናብ ባሕሪ ዝአቶ ክርከብስ ይትረፍ አብ ካልእ ዝወደቐ እኳ አይርከብን እዩ በሎ።

4. ናብ ቀላይ ዝአተወ ረኺብና ክብሉ እዉን ሰሚዕናን ሪኢናን አይንፈልጥን በሎ። ገንዘብ ሕሱም ስለዝኮነ ግን ሠርቕካ ዘምጻእካዮ ስለዝኮነ አይንቅበለካን ኢየ ኢሉ ምቕባል አይአበየንን ተቐበለን ደአ። እዚ ካብ ሞት ነጻ ዝወጸ እሡር ድማ ከምታ ምስ ሓዋርያ ማቴዎስ ዝተሰማምዓ ቃል ብስም እየሱስ አሚኑ ተጠመቐ። ነዛ ጉዳይ እዚኣ ዉድእ ከብሉ ከለዉ ከአ ሓደ ልኡኽ ሰይጣን መጺኡ፣ ስምዑ ሕዚቢ ሮማ እዚ ብስም ዘይንፈልጦ ዝምህረና ዘሎ ስቕ ኢልና እንተደአ ርኢናዮ ዓድና ክጽይቐልና እዩ። ስለዚ አንታ አቆስጦስ መኮንን አብ ዝብጻሕ አብጺሕካ ዝግበር ግበር በሎ። ንሱ ድማ ናብቲ ንጉሥ አታኃላለፎ።

5. እቲ ንጉሥ ድማ ንመክስሲኡ ከይመርመረ ወታሓደራቱ ጸዊዑ ሕጂ ኬድኩም ክሳዱ ቆርጽኩም ንአሞራታት ክኸዉን ደርብይዎ ኢሉ ፅኑዕ ትእዛዝ አዘዞም። እቶም ወታደራቱ ድም ከምቲ ዝተአዘዝዎ ንቁዱስ ማቴዎስ ኂዞም ክሳዱ ቀረጾም ደርበይዎ። ክልተ ዓበይቲ ምእመናን መጺኦም ከአ ነታ ዝተቆርጸት ርእሱ ናብ ክሳዱ አቐሪቦም ብንጹሕ ዓለባ ገኒዞም ናብ መቓብር አቦታቱ ቀበርዎ። እቲ ብጸሎት ቅዱስ ማቴዎስ ካብ ሞት ዝተንሥአ ሰብአይ ድማ ብናይ ማቴዎስ ሓዋርያ ቅትለት ብዙኅ ስለ ዝኀዘነ ሠለስተ መዓልቲ ብፅኑዕ ሓሚሙ አብ 12 መዓልቱ ብሞት ሰዓቦ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኲልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን፥ አሜን።

ሰላም ለማቴዎስ ዘበደመና ተመጥቀ።
ኅሩያነ ይርአይ ወብጹዓነ ደቂቀ።
ወያሰስል እምሰብእ ምንዳቤ ወጸዕወ።
በሥልጣነ ቃሉ አዘዘ ማዕምቀ።
ከመ ያዉጽእ ሎቱ ዘተሰጥመ ወርቀ
ሰንክሳር 12 ጥቅምት ተመልከት።